
# ክታበት ኣንጻር ኮሮና ቫይረስ



**ኮሮና ቫይረስ ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ የስዕብ። ብዙሓት ሰባት ዋላ ሓንቲ ወይ ቅልል ዝበለ ምልክታት የርእዩ፣ ገሊኦም ግን ብኸቢድ ይሓምሙ። ክታበት ኮሮና ካብ ከቢድ ሕማምን ሞትን ይከላኸል።**

### እዞም ዝስዕቡ ዓይነት ሰባት ነቲ ኽታበት ክወስዱ ይምከሩ፦

- ዕድሚኦም 75 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ
- ኣብ መናበዪ ኣረጋውያን ዝነብሩ
- ብቐሊሉ ክሓምሙ ኣብ ዝኽእሉ ጕጅለ ዝምደቡ ካብ 18-74 ዓመት ዝዕድሚኦም
- ከቢድ ሕማም ዘለዎም ህጻናት

ካብ 65-74 ዓመት ዝዕድሚኦም ጥዑያት ሰባት እውን እንተ ደልዮም፡ ክታበት ኮሮና ብዝነከየ ዋጋ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም

እቲ ሓደጋ ዘለዉ ጕጅለ ኽበሃል ከሎ፡ ብኮሮና ብኸቢድ ንኽሓምሙ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ኽቃልዖም ዝኽእል ገለ ሕማማት ወይ ኩነታት ዘለዎም ሰባት የመልክት። ንስኻ ወይ ውላድካ ኣብ ሓደ ሓደጋ ኣብ ዘለዉ ጕጅለ ትምደብ እንተኼንካ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ብዛዕባኡ ኣብ fhi.no ዝያዳ ከተንብብ ወይ ንሓኪምካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፦
fhi.no/voksenvaksinasjon

እቲ ቕድሚ ሕጂ ብእተኸብካዮ ክታበት ወይ ብዝሓመምካዮ ሕማም ኮሮና እተጥርዮ ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምስ ግዜ ይጎድል እዩ። ስለዚ፡ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኖርወይ (FHI)፡ እቶም ኮቪድ-19 ብኸቢድ ናይ ምሕማም ሓደጋ ዘለዎም ሰባት፡ ቅድሚ ወቕቲ ክረምቲ ምጅማሩ ሓድሽ ክትባት ክወስዱ ይመክር።

### እቲ ክታበት ምስ ካልኦት ክታበት ብሓደ ግዜ ክወሃብ ይኽእል ድዩ፧

እወ፡ ክታበት ኮሮና ቫይረስ ምስቲ ስሩዕ ክታበት ኢንፍሉዌንዛን ክታበት ኒሞኮካልን ብሓደ ግዜ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

### እቲ ክታበት ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ይሰርሕ፧

እቲ ክታበት ኣንጻር ከቢድ ኮቪድ-19 ጽቡቕ መከላኸሊ ዝህብ ኲይኑ፡ ነቲ መልከፍቲ ወይ ነቲ ረኽሲ ዝያዳ ከየስፋሕፋሕ ግን ናይ ሓጺር ግዜ መከላኸሊ ጥራይ እዩ ዝህብ።

### እቲ ክታበት ጎናዊ ሳዕቤን ኣለዎ ድዩ፧

ኵሎም መድሃኒታትን ክታበታትን ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕቡ ይኽእሉ እኳ እንተኾኑ፡ እዚ ግን ንኹሉ ሰብ ዘጋጥሞ ኣይኰነን። መብዛሕትኦም ጎናዊ ሳዕቤናት ድሕሪ ክታበት ኣብተን ቀዳሞት ሒደት መዓልታት ዝኽሰት ኰይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ቀሊል ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዘለዎ እዩ፣ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ድማ ይጠፍእ። ገሊኦም ዝያዳ ዝኸበደ ምልክታት ከጋጥሞም ይኽእል እዩ። እቶም ዝበዝሑ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ እተወግኣሉ ቦታ ዘጋጥም ቃንዛን ሕበጥን፡ ድኻም፡ ሕማም ርእሲ፡ ውጽኣት፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ቊርቊሪ ምባል፡ ድኻም፡ ቃንዛ መላግቦን ረስንን እዮም።
ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናት ዘጋጥም ሳሕቲ እዩ። ሰብ መዚ ጥዕና ንኹሎም ክታበታት ከስዕብዎ ንዝኽእሉ ጎናዊ ሳዕቤናት ብቐጻሊ ይከታተሉ እዮም።

### ኣበይ ክኽተብ እኽእል፧

እቲ ክታበት ብኸመይን መዓስን ከም ዝግበር ኣብ ወብሳይት ኮሙነኻ ሓበሬታ ርአ።

### ተወሳኺ ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ፧

ንሓኪምካ ወይ ንኻልእ ብዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ሕተቶ።

FHI